# ህጹጽ ሜጸዋዕታ፡ ንሓባራዊ ቻርተር

ኣብ ኤርትራ ድሕሪ ውድቀት ህግደፍ ክንሃንጾ እንጽበ ዘሎና ዲሞክራሲዊ መንግስቲ እዩ ። ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ክህልወና ከኣ ዲሞክራሲያዊ ውድብ ወይ ሰልፊ ክህልወና ኣሎዎ። ክልቲኡ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዙ ዝኸይድ እዩ ። ብህዝቢ ዘይተወከለ ከምህግደፍ ዝኣማሰለ ሽፍታ/ከሓዲ ጉጇለ ኣብ ጥቓ ስልጣን መንግስቲ ክቀርብ የብሉን ።እዚ ስለ ዝኾነ ኤርትራውያን ፖለቲካውያን ውድባት በብግዜኡ ጉባኤታተን ከኻይዳን ብዲሞክራሲያዊ ኣጋባብ ከኣ መራሕተን ክመርጻ ዝጸንሑን ኣለዋን ። ስለዚ ዝኾነት ውድብ ጉባኤ ገይራ መሪሕነት ዘሎዋ ኣብዚ ናይ ሓባራዊ ቻርተር ክትሳተፍ ምሉእ መሰል ክህሉዋ ኣሎዎ ዝብል እምነት ኣሎኒ ። እዚ ከም ሜቀኒ ዘይስገር ነጥቢ ገርኻ ክውሰድ ኣመራጺ ይኹን መተኻእታ የብሉን ።

እዘን ውድባት እዚኤን ብፍላይ እተን ተማሳሰሊ ፖለቲካዊ ፕሮግራምዘለወን ፣ ብሓባር ኣብ ሜዳ ጽቡቅን ሕማቅን ዘሕለፋ ኣብዚኣ ሰዓት እዚኣ ህጹጽነት ናይ ምድሓን ህዝብን ሃገርን ክርኣየን ዘይክእል ዘሎ እንታይ ስለ ዝኾና እየን ? እተን ብሃይማኖትን ብብሔርን ተወዲበን ዘለዋ ንጎኒ ገዲፍና ፡ ኣብ ሓደ ናይ ሓበር ቻርተር ክንሰማማዕ ዓሚታት ክወስደልና እንተ ኮይኑ ዘይውዳእ ናይ ባዕልና ሽግር ኣሎና ማለት ድዩ ወይስ ናይ ዘይሽራውያን ሽምግልቲ ዓቅምን ብቅዓትን ኣብ ባይታ ስለዘየለ ኾይኑ እዩ ? ንምኳኑ ስለ ምንታይ ማኛታት ክህሉዉና ተደልዩ ? ኩሉ ተቓላሳይ ኣብ ፖለቲካዊ ውድብ ንሃሉ ወይስ ኣብ ሲቪላዊ ውደባ ንነፍስና ክንምርምርን ጉድለታትና ኣሚና ካብንነብስና ንህዝብን ሃገር ክነቀድምመድረክ ይሓተና ኣሎ። እዚ ስልጣን ወይ ሃብቲ ሃገር ክንመቓቀለሉ ኮይኑ ዝርድኣና እንተ ኾይኑ ጠፍኣና !

ኣብ ታሪክ ተሓኤ ኣብ ጽንኩር መድረክ 1968 ስሉሳዊ ጉባኤ ዓንሰባ ክካየድ እንከሎ፣ ጽኒሑ ከኣ ኣብ 1969 ጉባኤ ኣዶብሓ ተጸንቢሉ ። እዚ ፍጻሜታት እዚ ክምህረና እንተ ኾይኑ ፡ እቶም ተጋደልቲ ኩልንትነኦም ምእንቲ ኤርትራ ውፉያት ስለ ዝነበሩ እዮም ንሕና ከ ? ሓድ ሓደ ግዜ ካብ ምዝራብ ተዓዛባይ ምኳን ብዙሕ ጥቅሚ ትምህርትን ኣሎዎ ። ኣብ ኣኼባታት ይኩን ኮንፈረንሳት ሰባት ካብቲ ኣካላዊ ምንቅስቓሶም ይኹን ኣውዳድቓ ዘረቦኦም ክህበና ዝክእል ሓበሬታ ቀሊል ኣይኮነ ክንጥቀሞሉ እንተ ኮይና ። ሓደ ሰብ ዓውኢሉ ስልጣን ይደሊ ኣሎኩ ክብል ነውሪ ኣይኾንን፣ ግን ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ሰባት ካብኡ ንላዕሊ ብቕዓትን ትሕዝቶን ክህሉዎምከምዝክእል ኣፍልጦ ሂቡ ምእንቲ ድሕነት ህዝብን ሃገር ነዚ ዘሎናዮ መድረክ ይትረፈኒ ኣብ ዝሙጽእ የርክበሉ ክብል ክበቑዕ ኣሎዎ ። ኣነ ክስዋእ ንስኻ ጽናሕ ዘበለ ተጋዳላይ ፣ ንሕና ከ ኣነ ክጽንሕ ንስኻ ሓላፍነት ውሰድ ምባል እኳ እቲ ዝቀለለ እዩ ። ቀዳማይ መራሕ መንግስቲ ኤርትራ ዝነበሩ ደጊያት ተድላ ባይሩ ፣ እቶም የማኖምን ጸጋሞምን ዝነበሩ ኤርትራውያን ማሪሕቶም ኣብታ ማማባሮም ጩርኦም ክሳብ ዝሓቅቅ ምስ ኣሸገሩዎም “ እዚኣ

ሓንቲ ማማብር እያ ፣ ኣነ ገዲፈልኹምኣሎኹ፣ ንክንደይኹምእሞክትከውን እያ “ ክብሉ ተሰሚዮ ምይብሃል ። ስለዚ ነዚ ደማበ ተቓውሞእዚ፣ ፍታሕ ዝኸውን እዛ ኣቦ ማማብርነት ቀዋሚት ዘይኾነት ዘዋሪት (Rotate)እትገብር ኣብ ሽሽድሽተ ወርሒ እንተ ትከውን ናይገለና ትርግታልቢ ምን ደለዶ ?

ኣብ ዝሓልፈ ዓመታት ብርክት ዝበሉ ጉባኤታትን ኮንፈረንሳትን ተኻይዶም። ክጥቀሱ ዝክእሉ ካስል ጀርመን ፣ ኣዋሳ ኢትዮጵያ ፣ ዋሽግንተን ዲሲ፣ ኣትላንታ ጆርጂያ ወዘተ፣ ኣብዚ በቶምኣዳላውቲ ክዕወተና ዘይኽኣለ ምክንያታት ብዕሊ ዝተነግረ የለን፣ ብዘይካ እቲ ብእተፈላለዩ ኤርትራውያን ማዕክናት ዝግለጽ ዝነበረ ። እቶም ነቲ ዝሓለፈ ኮንፈረንሳት ዘዳለዉ ምስ ኩሉ ኩነታቱን ሕጽረታቱን ክነማስግኖም ይግባእ ። እዚ ሕጂ ዘሎናዮ ሙድረኽ ፍሉይ ስለ ዝኾነ ፖለቲካውያን ውድባት ሃላፍነት ክወስዳ ናይ ግድን እዩ ። ምክንያቱ እዚ ሓዲሽ ውደባ ናይ” ይኣክል” ዘይማክሰባዊ ትካል ኾይኑ ስለ እተመዝገበ ኣጋባብ ኣቃላልሳኡ ፍሉይ ምኳኑ እዩ ። ሲቪላዊ ኾይኑ ክቓለስ ስለ ዝሚጸ ፣ ሲቪላዊ ኾይኑ ይቀጽል ። ኣብ ኣዋሳ ኢትዮጵያ በርገሳውያን ማሕበራትን ፖሊቲካውያን ውድባት ተደባሊቂ ስለ ዝቀረበ ንክልቲኦም ጉድኣት ኣስዕቡሎም እዩ ። በርገሳውያን ማሓበራት ኣብ ምህናጽ ዲሞክራሲ ዑዙዝ ተራ ክጻወቱ ከምዝክእሉ ዘጠራጥር ኣይኮነን ። እዚ ይኹም እምበር ኣብ ምቛም ቻርተር ርእቶታቶምን ለበዋታቶምን ክስማዕ ይግባእ ። ኣብ ምጽዳቅ ቻርተር ከም ተዓዘብቲ ክሳተፉ እውን ጸገም ዘምጽእ ኣይኾንን ። እቲ ቻርተር ምስ ቆመ ንተግባራውነ ቱ ክቃለሱ ይግባእ ።ዝኾነ ውድብ ኣብቲ ቻርተር ክታሙ ድሕሪ ምቅማጥ ክሃድም ዝደሊ ፡ ብወገን በርገሳውይውን ማሕበራት ክግበረሉ ዝግባእ ድጋፍ ክህሉ ኣይግበኣን ።

ጉዳይ ሽምግልና ፣ ሓደ ወልቀስብ ይኩን ማሕበር ኣብ ሽምግልና ክኣቱ ዝሚጸ ከሚልኦ ዝግባእ ማእታውን ማሳረታውን ጉዳያት ኣሎዉ። ኣብዚ ዓዲ ኣሜሪካ ተቆጺሮም ኣብ ከምዚ ፍሉይ ጉዳያት ዝዋስኡ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ኣሎዉ፣ ብነጻ ክሕግዙ ዝደልዮ የለዉን ማለት ግን ኣይኾነን ። ስለዚ ሓደ ክሽምግል ዘድሊ ስብ ወይ ትካል ኣብ ተመክሮን ታሪክን ትምህርትን ትሕዝቶን ካብቶምክሽምግሎምተቀሪቡ ዘሎባእታት ንላዕሊ ፍልጠት ዘዋህለለ ክኸውን ኣሎዎ ። እንተ ዘይኮነ ኣይላ ብዘይ ስብራ ፣ ዕንክሊሎ ኮይኑ ኣዋርሕ ዘይኮነ ዓመታት እዩ ክወስድ ። ሱዳን ግብጽን ኢትዮጵያ ብጉዳይ ሕዳሴ ግድብ ኣብ ናይ ሓብር ስምምዕ ክበጽሑ ስለ ዘይከኣሉ ፣ ግብጺ ናይ ኣሜሪካ ሓገዝ ምሕታቱ እቲ ቁኑዕ ስጉምቲ እዩ ። ምክንያቱ ኣሜሪካ ንኢትዮጵያ ክተስምዓ ከም እትክእል ስለ ዝፈለጡ፣ ኣምበር ካልኦት ሃገረት ከም ናይጀርያን ደቡብ ኣፍሪቓን ነይርን እንድየን ። እቲ ተመክሮ ኣገዳሲ እዩ ። ሙድረክ ንሃገራዊ ዘተ ፣ ንኤርትራውያን ፖሊካውያን ውድባት ክዓርቂ ንሓደ ከልተ ዓመት ገፈፍ ኢሎም ኣብ መንጎ ከኣ ክሰልጦም ኣይኽኣለን ። ምክንያቱ ነትን ክዓርቅወን ዝተበገሱ ውድባት ኣሜጻጽኤን ይኩን ብህሪያተን ፍጹምኣፍሊጦ ኣይነበሮምን ።

እንግሊዛውያን (Democracy is the Art of Compromise ) ክብሉ እንከለዉ፣ ሓደ ወገን ኣነ ዝበልኩዎ እንተ ዘይኮነ ኢሉ ክደርቅ የብሉን በሃልቲ እዮም። እንታይ ደኣ ከምቲ ኣቦታትና ኣብ ባይቶ እንዳባ ሽማግለ ገይሮም ንእተባእሱ ክዓርቑ እንከለዉ፣ ንክልቲኦም ሰብነገር ፣ ንስኻ እዚ ግደፍ ንስኻ ከኣ ከምዚ ኣይትብል እናበሉ ንክልቲኦም ሰብ ጉዳይ ዓጊቦም ከምዝዕረቑ ዝገብሩ ዝነበሩ ። እዚ ዝጠቅሶ ዘሎኩ ዝዘንጋዕና ከይንህሉ እምበር ፣ ትስሕትዎ ዝብል እምነት የብለይን ። ሕጂ ከኣ እዘን ውድባት ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስኩዎ ብዘይ ወዓል ሕደር መዓልቲ ፈልያን ዘተ ክጅምራ ይግባእ ። ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ኩሉ ሃብቱ ኣብ ኩሉ መዳያት ህወቱ ብዓጸቦ ክመውት ዓቅሚዘለዎ ከኣ ሃገር ገዲፉ ከምዝስደድ ካብ ዝገብሮ ድሮ 28 ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ ። ሞት ዓጸቦ ብሊቓውንቲ ከምዝብሃል ዘገምታውን ቓንዛ ዝሜልኦን እዩ ዝብሃል ፣ እቲ ዝከፍኤ ኣሜውታ ወዲ ሰብ ምዃኑ ከኣ ካብቶም እንዕዘቦም ግዳያት ድርቂ ክንምሃር ንክእል ኢና ። ህግደፍ ንምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ በብቁሩብ መቑነን መግቢ እናኣጉደለ ሓይሎምድኺሙ፣ ብጥሜት ብረቶምገዲፎምክስደዱ ወይ ከኣ ኣብ ኾናት ብሓይልታት ኢትዮጳያ ከምዝሰዓሩ ክገብሮምኣብ ስራሕ ተዋፊሩ ኣሎ። ስለዚ ንበገስ ሃገር ጽሜልያ እንከላ ንድሕና ።

ቅዋምሕቡራት መንግስትስታት ኣሜሪካ ክጽድቅ እንከሎኣብ 1788 ዝነበረ ቁጽሪ መንግስታት 13 ጥራሕነይሩ ። ሕጂ 50 መንግስታት በጺሔን ኣሎዋ ፣ እዚ ከኣ ኩለን እተን ዝሰዓባ መንግስታት ኣብቲ ዝጸደቀ ቅዋምይኣትዋነይረን ማለት እዩ ። ድሕሩ ግን 27 ምምሕያሻት ተገይሩሉ ። ስለዚ ኣብዚ ክግበር ዝድለ ዘሎቻርተር ኩሉ ተቓዋሚይ ክሳተፍ ኣሎዎ ፡ ሓደ እኳ ክተርፍ የብሉን ዝብሃል ቢሂል ብስነ ሞጎት ዝተሰነየ ኣይኾንን ። እዚ ቻርተር እዚ ስለ ዘይተሳተፍኹዎ ኣይቅበሎን ዝብል ኣካል ክህሉ ስለ ዝክእል ተባሂሉ፡ ሕልሚፈሪሕኻ ከይደቀስካ ኣይሕደረን እዩሞሃየ ንበገስ !

ዘለዓለማዊ ዝክሪ ንስዉኣትና

ኣምላክ ህዝቢ ኤርትራ ይባርኽ

**ክብሮምግረነት**

1/27/20